# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ዑደት ልኡኽ ኤርትራ ኣብ ሱዳን

ዓብደላ ጃብር፡ ሓላፊ ስርዒታዊ ጉዳያት ህግዲፍ፡ ዝመርሖ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ብ10.10.2005 ኣብ ካርቱም ምእታዉ ዝዝከር ኢዩ። እቲ ልኡኽ መሓመድ ዑመር ማሕሙድ፡ ግዝያዊ ወኪል ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ኤርትራን፡ ካልኦት ኣስማቶም ዘይተጠቕሰን ዘጠቓልል ምዃኑ ይፍለጥ።

ነዚ ርክብዚ ክግበር ዝጠለበ መንግስቲ ኤርትራ ኢዩ። ዕላማ ናይቲ ዑደት ድማ፡ ነቲ ንነዊሕ ግዜ ተባላሽዩ ዝጸንሐ ዝምድና ክልቲኡ ሃገራት ንምምሕያሽ ኢዩ ዝብል ምዃኑ ካብ እተፈላለዩ ሸነኻት ዝውሃብ ዘሎ መግለጺታት የብርህ። ኣብዚ ከለዓል ዘለዎ ሕቶ ግን፡ ስለምንታይ ኢዩ መንግስቲ ኤርትራ ኣብዞም ዝሓለፉ ዓ መታት፡ ብመንግስቲ ሱዳን ንእተወስዱ ተበግሶታት ንምምሕያሽ ዝምድናታት ክልቲኡ ሃገራት ክሕሰም ጸኒሑ፡ ሕጂ ባዕሉ ተበግሶ ክወስድ ተገዲዱ ዝብል ኢዩ። እቶም መሰረታውያን ምኽንያታት እዞም ዝስዕቡ ኢዮም ክኾኑ።

ቀዳማይ፡- ኣብ መንጎ መንግስቲ ሱዳንን ተቓወምቲ ውድባቱን ናይ ዕርቅን ሰላምን ስምምዕ ምኽታሙን፡ ንኹሎም ፖለቲካዊ ፓርትታት ሱዳን ዘሳትፍ ናይ ሃገራዊ ሓድነት መንግስቲ ምምስራቱን፡ ነቲ ኤርትራ ከም መህደዲ ክጥቀመሉ ዝጸንሐ ወረቓቕቲ ክብደቱ እናነከዮ ምኻዱ፡ ሓደ ካብቶም መሰረታውያን ንመንግስቲ ኤርትራ ምስ ሱዳን ዘለዎ ዝምድና ንምምሕያሽ ዝደፋፍኡ ምኽንያታት ምዃኑ ይእመነሉ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣመሪካ ውን፡ ንስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ ምብራቓዊ ዞና ሱዳን ዘይምርግጋእ ክፈጥር ካብ ዝኽእል ስጉምታት ክቝጠብ ኣተሓሳሲባ ምንባራ ውን ዝዝከር ኢዩ።

ካልኣይ፡- ስርዓት ኢሳያስ ኣብዚ እዋን ባዕሉ ኣብ ርእሱ ብዝፈጸሞ እገዳ ኣብ ከቢድ ቍጠባዊ ቅልውላው ተሸሚሙ ምህላዉ ክኽወል ዘይክኣል ሓቂ ኢዩ። ስግር ዶብ ዝካየድ ንግድ ጠሪሱ ደው ምባሉ፤ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ምንካዩ፤ እዚ ድማ ብተራኡ፡ ንዋጋ ናይ ሃለኽቲ ኣቑሑ ብፍላይ ድማ ናይ ነዳዲ ከምዝንህር ገይሩ ኢዩ። ጉዳይ ነዳዲ ኣብ ክጽወር ዘይክእለሉ ደረጃ ስለዝበጽሐ፡ እዚ ኣብዚ ሰሙንዚ ክካየድ ዝቐነየ ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራት ኣልዒሉ ክዛረበሉ ተገዲዱ ኢዩ። ስለዚ፡ ስርዓት ኢሳያስ ዝምድናኡ ምስ ሱዳን ንኸመሓይሽ ዝደፋፍኦ ካልኣይን ኣገዳስን ረቛሒ ቍጠባዊ ሽግራቱ ንምፍታሕ ምዃኑ ብሩህ ኢዩ።

ሳልሳይ፡- ምምስራት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ብጐረባብቲ ሃገራት ተቐባልነት ምርካቡን ንስርዓት ኢሳያስ ከሻቕል ዝጸንሐ ኣርእስቲ ምዃኑ ኣሉ ክበሃል ኣይክኣልን ኢዩ። ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ተደቂኑ ዝነበረ ሽግራት ክሰግሮ ኣይክእልን ኢዩ፤ ክበታተን ኢዩ ዝብል ትጽቢት ናይቲ ስርዓት ምንባሩን፤ ነዚ ዕላማዚ ንምዕዋት መጋበርያታቱ ኣዋፊሩ ሆ ክብል ምቕናዩን ኩሉ እተኸታተሎ ጉዳይ ኢዩ። ኣኼባ ብዓወት ምዝዛሙ ከቢድ ስንባደ

ከም ዝፈጠረሉን ኣብ ውሽጢ ዝርከቡ ምንጪታትና ዘረጋገጽዎ ሓቂ ኢዩ። እቲ ቅድሚ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ዝነበረ ዳንኬራ፣ ድሕሪ ምዝዛም ኣኼባ ምህማጡን ድማ ተወሳኺ ጭብጢ ናይቲ ነቲ ስርዓት ዘጋጠሞ ስንባደ ኢዩ። ስለዚ፣ ነዚ ተቐባልነቱ እናሰፍሐ፣ ሓድነቱ ድማ እናተረረ ዝኸይድ ዘሎ ደምበ ተቓውሞ ንምቕጻይ ተባሂሉ እተወስደ ተበግሶ ምምሕያሽ ዝምድናታት ምዃኑ ውን ከይደቀስካ ዝፍታሕ ሕልሚ ኢዩ። ንሕና ንተቓወምቲኹም ደው ከነብሎም ንሸሻትኩም ድማ ደው ኣብሉልና ንምባል ዝዓለመ ኽሸውን ምዃኑ ርዱእ ኢዩ።

ራብዓይ፡- እዚ ሃንደበታዊ ዑደትዚ፣ ስርዓት ኢሳያስ፣ ኣብ መንጎ ሃገራት ምሕዝነት ሰንዓ ጥርጣራት ንምፍጣር ኢሉ ዝገበሮ ኢዩ ዝብሉ ተዓዘብቲ ውን ውሑዳት ኣይኮኑን።

እዚ ኮይኑ እቲ፣ ስርዓት ኤርትራ ድሌታቱ ከዐውት ኣብ ዘኽእሎ ዲፕሎማስያዊ ቦታ ወይ ዲፕሎማስያዊ ሓያልነት ስለዘይርከብ፣ ዘውጽአ መደባት እንተውጽአ፣ ኣብ ግብሪ ክውዕሎ ኣይክእልን ኢዩ። ከምኡ ውን፣ እቲ ስርዓት ኣብዘን ዝሓለፋ ዓሰርተ ዓመታት ዝተኸተሎ ግጉይ ፖሊሲታትን ኣብ ልዕሊ ጐረባብቲ ሃገራት ዘካየዶ ተጻብኦታትን ተጋላባጥን ተሰልባጥን ባህርያት ፕረሲደንት ኢሳያስን ዝፈጠሮ ዘይምትእምማን ክሓዊ ግዜ ዝሓትት ምዃኑ ርዱእ ኢዩ። ናይ ሱዳን ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ነበር፣ መስጣፋ ዑስማን እስማዒል፣ "ኣብ መንጎ ሱዳንን ኤርትራን ዘሎ ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት ንምምሕያሽ እተገብረ ጻዕርታት ዝፈሸለሉ ምኽንያት፣ ጠንቂ ባህርያት ስርዓት ኢሳያስ ኢዩ። ከምኡ ውን፣ ኤርትራ ምስ ሱዳን ሕውነታዊ ዝምድና ኣብ ምፍጣር ፈሺላ ኢያ" ዝበሎ ብ28.08.2005 ኣብ ሱዳናዊት ጋዜጣ ኣልወጠን ሰፊሩ ዝነበረ ቃል ነዚ ሓቂዚ ኢዩ ዘረጋግጽ።

ኣብ ዲፕሎማሲ፣ እትረፍዶ ባዕሉ ጠዊቑ ንዝመጸካ ጋሻ፣ እግረ መገድኻ እንተተራኺብካ ውን፣ ከመዓልኩም ምባልን ጠጥዑሙ ምዝራብን ልሙድ ስለዝኾነ፤ ልኡኽ ኤርትራ ናብ ሱዳን፣ ኣብ ሕድሕድ ዝካየድ ፕሮፓጋንዳዊ ወፈራ ደው ምባልን ሽማግለታት ልዝብ ካብ ክልቲኡ ሸነኻት ምቛምን ዝብል ስምምዓት ምግባሩ፣ ከም ዝጭበጥ ናይ ዝምድናታት ምምሕያሽ ስጉምቲ ክውሰድ ኣይከኣልን ኢዩ። ከምዝን ካብኡ ንላዕሊ ዝኾኑ ስምምዓት ተበጺሑም ከምዝፈሸሉ ናይ ቀረባ እዋን ዝኽሪ ኢዩ።

ጽቡቕ ሕውነታዊ ጉርብትና ንምርግጋጽ ኮነ ወይ ጥዑይ ዝምድና ንምፍጣር፣ ምስ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ዘለዎ ድልዱል ምትእስሳር ክዝንጋዕ ኣይግባእን ኢዩ። ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ከይተተኽለ፣ ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ጐረባብቲ ኣህዛብ ብሰላምን ብቕሳነትን ክነብሩ ኣይክእሉን ኢዮም። ስለዚ ኢዩ ውን፣ ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፣ ሓው ሑሴን ኽሊፋ "ሱዳን፣ ንልዝብ ተጻሪራ ኣይትፈልጥን። እቲ ንምምሕያሽ ዝምድናታት ዕንቅፋት ኮይኑ ዝጸንሐ ስርዓት ኢሳያስ ኢዩ። ሕጂ ድማ፣ ኣብ ብዙሕ ጉዳያት ሕድገት ክገብር ዘለዎ ንሱ ኢዩ። ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ቅሩብነቶም ንሃገራዊ ዋዕላን ንልዝብን ገሊጾም ኢዮም። መልሲ ዘይሃበ ዘሎ ግን ስርዓት ኢሳያስ ኢዩ" ዝበለ።

# ዕላማና ሃገራዊ ሓድነትን ፍትሕን ሰላምን ዲሞክራስን ምርግጋጽ ኢዩ

ህዝቢ ኤርትራ፣ ኣብ ሰላምን ፍትሕን ማሕበራዊ ርግኣትን ዝተመስረተን፤ ኣብ ጅግንነታዊ ሓርነታዊ ተጋድሎኡ ንዘስረጾ ሓድነት ዝያዳ ዘደልድለሉን ናጻን ዲሞክራስያዊትን ብልጽግትን ሃገር ክሃንጽ ኢዩ ነይሩ ባህግታቱ። እዚ ባህግታትዚ ግን፣ ነዊሕ ከይከደ ብዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ተኾልፈ። ኣብዚ ግዜዚ፣ ድሕሪ 14 ዓመታት ናይ ዲክታቶርያዊ ግዝኣት፣ ምድኻም ናይ ሃገራዊ ሓድነት ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑ፤ ኤርትራ፣ ኣልቦ ቅዋም፣ ኣልቦ ሕጊ ኰይናን፤ ሰብኣዊ መሰላትን ክብርን ህዝብና ከምሕሱም ተረጊጹ፤ ጥሜት፣ ሕማም፣ ድኽነት፣ ስደትን ጠገለ ብዝሰኣነ ደረጃ ኣስፋሕፊሑ፤ ውግእን ወረ ውግእን ነጊሱ ይርከብ።

ነዚ ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ መሪር ኵነታት ንምቕያር፣ ኵሎም ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ክጥርነፉ ታሪኻዊ ግድነት ኰነ። ስለዚ ከኣ ኢዩ ቅድም ክብል ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ፣ ድሒሩ ድማ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብመጋቢት 2005 ዝቖመ።

መሰረታዊ ዕላማ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን እምበኣር፣ ነቲ ብመሪር ተጋድሎን መስዋእትን ጅግንነትን እተረጋገጸ፣ ሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራ ምዕቃብ ኢዩ። ሃገራዊ ሓድነት ክዕቀብን ክምዕብልን እንተኾይኑ ግን፣ ፍትሒ ክነግስ ከምዘድሊ መግለጺ ዘድልዮ ጕዳይ ኣይኰነን። ስለዚ ኢዩ ድማ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ መንጎ ሃይማኖታትን ባህልታትን ቋንቋታትን እተፈላለዩ ማሕበራዊ ክፍልታትን ሕብረተሰብ ኤርትራ ማዕርነትን ፍትሕን ክሰፍን ኣለዎ ኢሉ ዝኣምን። ሓደ በይኑ ስልጣንን ሃብቲ ሃገርን ክብሕት፤ ሓደ ኣብ ልዕሊ ካልእ ጸብለል ክብል፤ ሓደ ነቲ ካልእ ክጭቍን ዘፍቅድ ስርዓት እንተደኣኰይኑ፣ ፍትሒ ይኹን ሃገራዊ ሓድነት ክረጋገጽ ፈጺሙ ኣይክእልን ኢዩ። ፍትሒ ኣብ ዘይብሉ ዝሰኾረሉ ስርዓት ህውከት ደኣምበር ሰላም ክነግስ ኣይከኣልን ኢዩ። ህውከት ኣብ ዝሰፈኖ ኵነታት ድማ፣ ኤርትራዊ ዜጋ ሓራ ኰይኑ ንብቕዓቱን ክእለቱን ዓቕሙን ፍልጠቱን ኣብ ዳግመ-ህንጻ ሃገሩን ረብሓ ህዝቡን ከውዕሎ ኢዩ ኢልካ ምጽባይ ፈጺሙ ዘይሕሰብ ኢዩ። ኣብዚ እዋንዚ፣ ንዝፈትዋ ሃገሩ ራሕሪሑ ንስደት ዘምርሕ ዘሎ ማእለያ ዘይብሉ መንእሰይን፤ ኣብ ጐዳጕድን ናይ ውግእ ግንባራትን መደበራት ታዕሊምን ተሓይሩ ዘሎ በማእት ኣሽሓት ዝቝጸር ዜጋን ጭቡጥ መግለጺ ናይቲ ኣብ ሃገርናን ዞናናን ሰፊኑ ዘሎ ናይ ህውከት ሃለዋትን፤ ከምኡ ውን፣ ጭቡጥ መግለጺ ናይቲ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ጨቢጡ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓትን ኢዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ፣ ስርዓት ኢሳያስ ናጻን ብልጽግትን ሰላማዊትን ሃገር ኣብ ምህናጽ ብዘየዋላውል ኣገባብ ፈሺሉ ኢዩ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፣ ነዚ ሃለዋትዚ ንምቕያር፣ ነቲ ተኾሊፉ ዘሎ ህንጻ ናይ ሃገር ከማልኡ ዝቃለሱ እተፈላለዩ ፖለቲካውን ሃይማኖታውን ማሕበራውን ክውንነት ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘንጸባርቑ ውድባት ዝሓቘፈ ሰፊሕ ግንባር ኢዩ። ዕማሙ ድማ፣ ነቲ ስርዓት ኢሳያስ ዝፈሸለሉ ዕላማታት ሃገራዊ ሓድነትን ዲሞክራስን ፍትሕን ሰላምን ዳግመህንጻን ምዕዋት ኢዩ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፣ ኤርትራዊ ዜጋ ሓራ ኰይኑ፣ ንዝደለዮ እምነት፣ ንዝደለዮ ፖለቲካዊ ውድብ ክስዕብ፤ ኣብ ትሕቲ ግዝኣተ-ሕጊ ዝነገሶ ቅዋማዊ ስርዓት ምዩቕ ከይበለ ሰላማዊ መነባብሮኡ ከካይድ፤ መራሕቱ ባዕሉ ክመርጽን ከውርድን፤ ናጻ ኰይኑ ክውደብን ክውድብን፤ ንዝመሰሎ ክድግፍን ክቃወምን ዝኽእሎ ምቹእ ባይታ ንምፍጣር ኢዩ ዝቃለስ ዘሎ። ዕላማ ኪዳን፣ ካብ ሕማምን ድኽነትን ድንቍርናን ሓራ ዝኾነ ህዝብን ሃገርን ምህናጽ ኢዩ። ሓራ ዘይኰነ ዜጋ ሓራ ዝኾነት ሃገር ክሃንጽ ዘይክእል ምዃኑ ድማ መብርሂ ዝሓትት ጕዳይ ኣይኰነን። ስለዝኾነ፣ ዲሞክራስያዊትን ብልጽግትን ኤርትራን ናይ ምህናጽ ዕማም፣ ናይ ሓደ መዓልቲ ወይ ናይ ሓደ ውድብ ወይ ናይ ሓደ ፕሮግራም ዕማም ወይ ድማ፣ ብውድቀት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ጥራሕ ዝድምደም ዕማም ከምዘይኰነ ምግንዛብ የድሊ። ጕዕ

ዞና፣ ናይ ኵሉ ዜጋ ተሳትፎ ዝሓትት፣ ቀጻሊ ናይ እንካን ሃባን መስርሕ ዝካየደሉ፣ ናይ ምጽውዋርን ምድምማጽን ኣኽእሎታት ምውናን ዝጠልብ ነዊሕን ጽንኩርን እተሓላለኸን መስርሕ ምዃኑ ምርዳእ የድሊ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን እምበር፣ ነዞም ባህልታትን ባህርያትን እዚኣቶም፣ እንምሃረሉን እነማዕብለሉን ካብኡ ሓሊፉ ውን ኽካልኡት እነውርሰሉን ጽላል ኢዩ ክኸውን ዘለዎ። ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፣ ኣብ ትሕቲ ጽላል ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘገም እናበላ፣ ሓቢርካ ናይ ምንባርን ናይ ምድምማጽን ናይ እንካን ሃባን ባህልታትን እናጥረያ ክኸዳ ይርኣያ ኣለዋ። ደምበ ተቓውሞ ሎሚ ካብ ትማሊ ኣብ ዝሓሸ ሃለዋት ከምዝርከብ ብዙሕ ዘዛርብን ዘካትዕ ን ጉዳይ ኣይኰነን። እዚ ዘገምታዊ ግን ከኣ ዘተኣማምን ጉዕዞ ዘፍርሖም ጸረ ሓድነትን ጸረ ዲሞክራስን ዝኾኑ ሸነኻት፣ ሴፎም ኣንጻር ኪዳን መዚዞም ኽኽበታትንዎ ኣበርቲዖም ይሰርሑ ምህላዎም ኵልና እንከታተሎ ዘሎና ጉዳይ ኢዩ። ኣሎ ዝበሃል ግዕዘይን በታንን ናይ ምግዝዛዕ ስልታታት ክጥቀሙ ተራእዮም። ሓለይቲ ህዝቢ ክመስሉ ህጹጽ ለውጢ እናበሉ ክቍዝሙ ውን ተሰሚዮም። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ግን በዚ ኣይተደናገረን። ነቶም ኪዳን ክዓብን ክሕይልን ካብ ዝብል መንፈስ ብልብን ብግብርን እናተዋስኡ ነቐፌታኦም ርእይቶኦምን ዘቕርቡ ዜጋታት፤ ካብቶም ንኪዳን ክንዲ ፍረ ኣድሪ ትኸውን ኣበርክቶ ዘይገብሩ፣ ብኣንጻሩ እኳ ደኣ ኣሎ ዝበሃል ግዕዘይን በታንን ናይ ምግዝዛዕ ስልታታት እናተጠቕሙ ንምድኻም ዝተዋፈሩ፣ ደለይቲ ህጹጽ ለውጢ ዝመስሉ ግን ብግብሪ መጋበርያታት ናይቲ ስርዓት ዝኾኑ መደናገርትን ገዛዛዕትን መምዩ ንምፍላጥ ፈጺሙ ጸገምዎ ኣይፈልጥን።

ግን፣ ዕላማ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፣ ህዝቢ ኣብ ዙርያኡ ከምዝዓስልን ኣብ ጐድኑ ኰይኑ ንለውጢ ከምዝቃለስን ምግባርን ስለዝኾነ፣ ደድሕሪ እዞም መንደልሓቕቲ ክጐይይን፤ መኣዝኑ ስሒቱ፣ ኣብ ጫሌዳ ወይ ጓል ነገር ከድህብን ኣይመረጸን። ቃልስና፣ ነቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓትን መጋበርያታቱን ዝበታተንዎን ተስፉታቱ ዘጸልመትዎን ህዝቢ ምእካብን፤ ኣብ ነብሱን ኣብ ህዝቡን ተኣማሚኑ፣ ንሃገራዊ ሓድነትን ድሕነት ህዝቡን፣ ንፍትሕን ዲሞክራስን፣ ንሰላምን ብልጽግናን ምቅላስ ምዃኑ ስለእንኣምን ኪዳን በቲ ጀሚርዎ ዘሎ ኣገባብ ቃሉን ግብሩን ኣሰሚሩ ክቕጽል ምዃኑ ከነረጋግጸልኩም ንፈቱ። ቃልናን ግብርናን እንተደኣ ሰሚሩ ድማ፣ ጸላእቲ መእተዊ ስኢኖም ክወድቁ ምዃኖም ኣይንጠራጠርን።

## ቅልውላው ኤርትራ በብመዳዩ

ኩልና ንከታተሎ ከምዘሎና፣ ቅልውላው ኤርትራ ኣብ ኩሉ መዳያት እናገደድ እምበር እናተመሓየሸ ኣይከነን ዝኸይድ ዘሎ። መንግስቲ ህግዲፍ ካብ ዝፍጠር ጀሚሩ ዕላማኡ ኣብ ስልጣን ምንባር እምበር፣ ንናይ ህዝቢ መሰረታዊ ጸገማት መፍትሒ ምንዳይ ኮይኑ ኣይፈልጥን። እዚ ብሓፈሻ ዝግለጽ ኮይኑ፣ ንዝያዳ መብርሂ ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት እንታይ ከም ዝመስል በብመዳዩ ምርኣይ፣ ኣገዳስነት ኣለዎ ዝብል እምነት ኣለና።

1. *ፖለቲካዊ ኩነታት፡-* ኣብ ኤርትራ ብሓይሉ ዝገዝእ ዘሎ መንግስቲ ህግዲፍ ካብ መጀመርታ ብቕልጽሙ ስልጣን ካብ ዝሕዝ ጀሚሩ ዝኾነ ይኹን ናይ ህዝቢ ተሳትፎ ዘረጋግጽ መድረኽ ፈጢሩ ኣይፈልጥን። ይትረፍዶ ምርጫታት ከካይድ፣ ሕገ-መንግስቲ ከተኣታቱ፣ ተሳትፎ ኣብዘሓ ሰልፍታት ክፍቅድ፣ ነቲ ባዕሉ ከም መናውሒ ዕድመ ስልጣኑ ዘውጽኦ ሕግታት'ውን ህዝቢ ኤርትራ ኽፈልጦ ዘካየዶ ጻዕርታት የለን። ከምኡ ውን፣ እቲ መንግስቲ፣ በቲ ባዕሉ ዘውጸኦ ሕግታት ኣይቅየድን ኢዩ። ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፣ ኣብ ቅድሚ ምዕራባዊ ዓለም ንስርዓቱ ከም ተሓላቒ ናይቲ ጸረ ሃይማኖታዊ ጥሩፍነት ዝግበር ዘሎ ቃልሲ ገይሩ ንምቕራብ ተደጋጋሚ ፈተነታት ከካይድ ጸኒሑ እዩ። ኣብ ውሽጣዊ መዳይ ንተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፣ ብዝተፈላለየ ትሕተ-ሃገራዊ

መለክዕታት፤ ብመንጽር ጐረባብቲ ድማ፣ ንመንግስቲ ሱዳን ብእስላማዊ ጥሩፍነት ምኽሳስ ልሙድ ተግባራቱ ኢዩ ኰይኑ ጸኒሑ። እንተኾነ ግን፣ ኣብዚ እዋንዚ ሓቀኛ ባህርያት ናይቲ ስርዓት እናተቓልዐ ይመጽእ ስለ ዘሎ፣ በዚ ዝታለል ምዕራባዊ ዓለም ይኹን ኤርትራዊ ዜጋ ኣይክህሉን እዩ። ብፍላይ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ብሰንኪቲ ንዘይመንግስታዊ ትካላት ዝምልከት ዘውጽኦ ዘይፍትሓዊ ሕግን፤ ብሰንኪ ምእሳር ክልተ ኤርትራውያን ሰራሕተተኛታ ኤምባሲ ኣሜሪካ ኣብ ኤርትራን፤ ናብ ፍርዲ ንኽቕርቦም ንዝቀረበሉ ጠለብ ምሕሳሙን ምስ መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ወጥሪ ኣትዩ ከምዘሎ ይፍለጥ። እቲ ካልእ ስርዓት ህግዲፍ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ዝጥቀመሉ ዘሎ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ እቲ ብዶብ ኣሳቢቢቡ ኣንጻር መንግስቲ ኢትዮጵያ ኢትዮጵያውያንን ዘካይዶ ዘሎ ናይ ጽልኢ ፕሮፖጋንዳ እዩ። ንስርዓት ኢሳያስን ፖሊሲታቱን ምጽራር፣ ንልዑላውነት ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ምጽራር ወይ ምኽሓድ ኣምሲሉ ኣደናጋሪ ፕሮፓጋንዳ ብምዝርጋሕ ንተቓወምቱ ካብ ህዝቢ ንምንጻል ዘይፈንቀሎ እምኒ የለን። እቲ ሓቂ ግን፣ ኢሳያስን መጋበርያታቱን በዚ ናይ "ኣይውግእ ኣይሰላም" ኵነታት ተረባሕቲ ስለዝኾኑ፣ እቲ ናይ ዶብ ወጥሪ ሰላማዊ ፍታሕ ክረክብ ወይ ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ክሕንጸጹ ኣይደልዩን ኢዮም። ምኽንያቱ ድማ፣ ናይ ዶብ ጒዳይ እንተደኣ ተዓጽዩ ህዝቢ ናብ ውሽጣዊ ኩነታት ከም ዘድህብ ስለ ዝርድኡ ኢዮም። ስርዓት ኣስመራ፣ ኣንጻር ኢትዮጵያ ውግእ ከካይድ እየ ኢሉ ዝፍክር ዘሎ እውን፣ ንልዑላውነት ናይ ኤርትራን ህዝባን ካብ ዘለዎ ሓልዮት ዝብገስ ዘይኰነስ፤ ህዝቢ ኤርትራ ንሃገሩ ዘለዎ ፍቕሪ መዝሚዙ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ኢዩ። ብልዑላውነት ናይ ህዝቢ ዝግደስ ነይሩ እንተዝኸውን፣ ብግዝኣተ-ሕግን ብቕዋምን ምተማእዘዘን፤ ነቲ በስገዳድ ዓስኪርዎ ዘሎ መንእሰይ ናብ ሰላማዊ መነባብሮኡ ክምለስ መፍቀደሉን፤ ነቲ ዝፈትዋ ሃገሩ ራሕሪሑ ንስደት ዘምርሕ ዘሎ መንእሰይ ውን መፍትሒ ምገበረሉን ነይሩ።

2. ቁጠባዊ ኩነታት፡- ንስለ ጠቒስካዮ ምሕላፍ እንተዘይኮይኑ፣ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ቁጠባዊ ኩነታት ሓበሬታ ዘድልዮ ኣይመስለናን። ምኽንያቱ፣ እቲ ጒዳይ ባዕሉ ኣፍ ኣውጺኡ ኣብ ዝዛረበሉ ደረጃ ኢዩ በጺሑ ዘሎ። ኣብዚ እዋንዚ ክልተ ሲሶ ካብቲ ኣብ ውሽጢ ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ፣ ተጸባዪ ረዲኤት ኮይኑ'ሎ። ካብዚኣቶም እቶም ዝበዝሑ ህጻናትን ኣዴታትን እዮም። ካብዚ ስኡን ህዝቢዚ፣ ኣስታት 600 ሺሕ ዝኸውን ህዝቢ ብሰንኪ ድኹም መራኸቢ ዋላ ሓገዝ እንተተረኸበ ረዲኤት ክበጽሖ ዘይክእል እዩ። ምናልባት ቁሩብ ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት እንተለዉ እውን፣ ብገንዘቦም ክረኽብዎ ዝኽእሉ ኣቕርቦት የለን። ምኽባር ናይ ሃለኽቲ ኣቑሑ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ዋላ ምስ ክብሩ እውን ኣይርከብን ኢዩ። ሓድሓደ ግዜ፣ ከም ሳሙና፣ ሽምዓን ክርቢትን ዝኣመሰሉ ንእሽቱ ነገራት ኣብ ዕዳጋ ዝሰኣንሉ ኩነታት ከም ዘሎ እውን ይፍለጥ። ካልእ ኩሉ ገዲፍና እቲ ኣብ ቁጠባ ወሳኒ ግደ ዘለዎ ነዳዲ ኣብ ኤርትራ ብዘይካ ንመንግስታውን ወተሃደራውን ኣገልግሎት፣ ንብሕታዊ መዓል ይዕደል ከምዘየለ እንተደኣ ተረዲእና፣ ጸገም ህዝቢ ኤርትራ ኣበናይ ጥርዚ በጺሑ ከምዘሎ ንምርዳእ ኣሸጋሪ ኣይኰነን።

ናይዚ ጸገምዚ ቀንድን ቀዳማይ ተሓታትን መንግስቲ ህግዲፍ ባዕሉ ኢዩ። ማለት ከም ስርዓት ኢሳያስ ዝኣመሰለ መላኺ ፖሊቲካዊ ባህርያት ዘለዎ ስርዓት ዝትልሞ ቁጠባዊ ፖሊሲታት፣ ካብቲ በሓቲ ዕላማኡ ሓሊፉ ንህዝቢ ዝረብሕን ጸገማቱ ዝፈትሕን ክኸውን ኣይክእልን እዩ። መንግስቲ ኤርትራ፣ ጠንቂ ናይ'ዚ ኩሉ ቁጠባዊ ቅልውላው ምኳኑ ዝርዝር መርኣያ ምጥቃስ እንተተደልዩ፣ ንብሕታዊ ቁጠባዊ ጽላታት (ሰክተራት) ምዕጻውን፤ ብኣንጻሩ ድማ፣ ኩሉ ናውቲ ማእቶትን ትካላት ንግድን ብህግዲፍ ጥራይ ከም ዝውነን ምግባርን ክጥቀስ ይከኣል ኢዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ፣ ከም መሬት ዝኣመሰለ ቁጠባዊ መሰረት ካብ ህዝቢ ተመንዚዑ መንግስቲ ንገዛእ ርእሱ ጥራይ ብዘርብሕ

መልክዕ ከም ድላዩ ክሽጦን ክልውጦን ምግባር፤ ኣብ ኤርትራ እቲ ሰሪሑ ክፍሪ ዝኽእል ዓቕሚ ዘለዎ ሓይሊ ሰብ ተገዲዱ ናብ ውትህድርና ከም ዝኸይድን፥ ናይ ጀነራላት ኣባይቲ ክሰርሕን፡ ጀራዲን ክኹስኩስን፡ ግራውቲ ክሓርስን ምግባር.....ወዘተ ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል። መንግስቲ ህግዲፍ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ዝገብሮ ምንቅስቓስ፡ ብቐዳምነት ናቱን ናይ ውሑዳት መሳርሒኡን ፍሉይ ረብሓ ንምርግጋጽ ዝዓለመ ምዃኑ ፍሉጥ እዩ። ኣብዚ ባዕሉ ዝፈጠሮ ቁጠባዊ ቅልውላው እውን ነዚ ኣቕዲሙ ዝተጠቐሰ ጸገማት ህዝቢ መዝሚዙ ቁጠባዊ ረብሓኡ ከደልድል ኢዩ ዝርአ ዘሎ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ንብሕታውያን ነጋዶ ዝውሃብ ዝነበረ ናይ ንግዲ ፍቃድ ድሕሪ ምኽልካሉ፤ ናይ ዕዳጋ ምርግጋጽ ብዝብል ጉልባብ ብኡ'ን ዝሰርሓ ናቱ ድኳናት ከፊቱ ከም ድሌቱ ዋጋ ሰሊዑ ንህዝቢ ይምዝምዝ ኣሎ። ብዝሒ ናይዘን ካዝና ህግዲፍ ናይ ምምላእ ዓላማ ዘለወን ድኳናት ኣብ ከተማ ኣስመራ ጥራሕ 27 በጺሑ ምሃላው ይፍለጥ። ህዝቢ ድማ ኣብ ዘመን-ደርግ ካብ ዝነበረ ብዝኸፈአ መልክዑ ኣብ ኣፍደገ ድኳናት ተሰሪዑ ይሓድር ኣሎ። ድሕሪ እዚ ኩሉ ንነዊሕ ሰዓታት ምስራዕ እቲ ዝደለዮ ስኢንካ ጥራይ ኢድካ ምምላስ እውን ዝተለመደ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ውሱን ሰክተር ዝረአ ዘይኮነስ ኣብ ኩሉ መዳያት ቁጠባ ዘጋጥም ዘሎ ተርእዮ እዩ። ንኣብነት ኣብዚ ቀረባ መዓልቲ ንብሕቲ ሰብ ሃብቲ ቀረጽ ኣዛይዱ፡ ነዳዲ ከሊኡ፡ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ኣስኢኑን ፈቓዶም መንዚዑን ካብ ናይ ትራንስፖርት ጽላት ድሕሪ ምርሓቑ፡ ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ልዕሊ 500 ዝኾና ተሽከርከርቲ ከም ዝገዝኤ ይፍለጥ። እዚ ከይኣኽሎ፡ ኣስታት 14 ዝኾና ናይ ብሕቲ ሆተላት ኣብ ከተማ ኣስመራ ብዘይ ፍሉጥ ምኽንያት ከም ዝዓጸወ'ውን ናይ ኣደባባይ ምስጢር ኰይኑ ኣሎ። እዚ ኩሉ ተደሚሩ፡ እቲ መንግስቲ ናይ ክፉእ ዘመን ከሳባይ ወይ ተረባሒ ኮይኑ ከም ዘሎ ዘረድእ'ዩ። ብኸምዚ ዝኣመሰለ ናይ ነጻ ዕ ዳጋ ጩና ኣብ ዘይብሉ ኩነታት ራህዋ ክመጽእ ኢዩ ማለት ዘበት እዩ። እቲ ኣዝዩ ዘገርም ካልእ ጉዳይ ድማ መንግስቲ ህግዲፍ ኣብቲ ናይ ረዲኤት ኩነታት እውን ኣፍ ጥሙያት ዓጽዩ ብሕታዊ ረብሓኡ ክረጋግጽ ስለዝደለየ፤ ንወሃብቲ ረዲኤት ቅድም ኣብ ባንክ ኣስታት 2 ሚልዮን ዶላር ከትሕዛ ምግዳዱ፤ ኣስዒቡ ድማ፡ ነተን ረዲኤት ንህዝቢ ኤርትራ ዘቕርባ ሰብኣዊ ትካላት፡ ናይቲ ዝልግስኦ ረዲኤት ቀረጽ ክኸፍላ ምሕጋጉን ኢዩ። ብሰንኪ ከምዚ ዝዓይነቱ ዓንቃፊ ፖሊሲ ዝተኸልፈ ሓገዝ ከምዝህሉ ድማ ይግመት። ኣብዚ ቀረባ መዓልታታ እዚ ስርዓት "*...ከተማና ካብ ለመንቲ ነጺሬ...*" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ጀሚርዎ ዘሎ ደኻታትን ለመንትን እናገፈፍካ ናብ ከባቢ ዓላ ናይ ምውሳድ ተግባር ድማ ከልእ ናይ ጭካነኡ መርኣያ እዩ። ብዙሓት ተዓ ዘብቲ ንመንግስቲ ኢሳያስ፡ "ኣንጻር ድኽነት ዘይኮነስ ኣንጻር ደኻታት ዝኸተተ ስርዓት ኢዩ" እናበሉ ይገልጽዎ ኣለዉ።

3. ማሕበራዊ ኩነታት፡- እዚ ክፍል'ዚ እውን ኣብ ኤርትራ ከምቲ ካልእ መዳያት ኣብ ሕማቕ ኩነታት ዘሎ እዩ። ትምህርቲ ካብ መጀመርታኡ ናይ ህግዲፍ ጸቢብ ውድባዊ ኩነታት እምበር ናይ ኤርትራ ሃገራዊ ኩነታት መሰረት ገይሩ ዝተሓንጸጸ ኣይነበረን። ድሕሪ እዚ እውን እቲ መንግስቲ ንኣብያተ ትምህርቲ ከም መቕሰሚ ፍልጠት ዘይኮነስ ከም መመልመሊ ንውትህድርና ዝድሊ መንእሰይ እዩ ተጠቒሙለን። ኩሎም እዞም ን 19 ዙር ዝኣክል ናብ ሳዋ ዝኸዱ መንእሰያት፡ ቀንዲ መንቀሊኦም እዘን ኣብያተ ትምህርቲ እየን። ሎሚ ድማ ጠቕሊሉ ንሳዋ ሓንቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ኣብ ኤርትራ ገይርዋ'ሎ። ቀዳማይ ቆላሕታ ቤትምህርቲ ሳዋ ድማ፡ መሰረታዊ ዕቤት ንምምጻእ ዝሕግዝ ፍልጠት ምቕሳም ዘይኮነስ፥ ናይቲ ስርዓት ትምክሕትን ጸቢብ ወተሃደራዊ ህርፋን መመድመድን እዩ። ስለ'ዚ ሎሚ ትምህርቲ ኣብ ኤርትራ መንእሰያት ፍልጠት ክትቀስም እትሃርፎ ዘይኮነስ ካልእ መዘዝ ከየምጸኣልካ እትሃድሞ ማእከል'ዩ ኰይኑ ዘሎ። ኣብዚ እዋንዚ መብዛሕትኦም

ሃገር ጠንጢኖም ሃጽ ኢሎም ዝስደዱ ዘለዉ መንእሰያት ተመሃሮ ምዃኖም ድማ ነዚ ሓቂዚ ኢዩ ዘረጋግጽ።

እቲ ካልእ ሎሚ ኣብ ኤርትራ እናገደደ ዝኸይድ ዘሎ ማሕበራዊ ሽግር፡ ጉዳይ ሃይማኖት እዩ። ኣብ ኤርትራ ብናጻ እምነትካ ናይ ምስጓም መሰል የለን። ብኣረኣእያ ስርዓት ህግዲፍ፡ ሃይማኖታዊ ትካላት እውን ንፖለቲካዊ ህልውናኡ ዘገልግል ክኸውን ኢዩ ዝድለ። ከምኡ እንተዘይኰይኑ፡ ህልውና ናይቲ ትካላት ኣብ ሓደጋ ኢዩ ይወድቕ። ብመጀመሪያ፡ መንግስቲ ኢሳያስ ነተን ሓደስቲ ሃይማኖታት'ዩ ምጽራር ጀሚሩ። ብዘይካ ኦርቶዶክስን ካቶሊክን ፕሮተስታንትን እስልማናን ካልእ ሃይማኖታት ኣይፍቀደሉን ኢዩ ዝብል ኣዋጅ ኣውጺኡ። ጽንሕ ኢሉ ድማ፡ ነዘን ዝፈቐደለን ኣርባዕተ ሃይማኖታት እውን ንኩሉ ገበናቱ ከዊለን፡ ንናቱ ጽቡቕ ነገር ጥራይ ከም ዝሰብካ ክገብረን ይፍትን ኣሎ። ነዚ ኢድ ኣእታውነት'ዚ ንዝተቓወሙ መራሕቲ ሃይማኖት ድማ ብናቱ ኰራኩር ክትክእ ይፍትን ኣሎ። ክሳብ ሕጂ ምስ ናይ ወጻኢ ኣካላት ድልዱል ምትእስሳር ንዘለወን ሃይማናኣታት ካቶሊክን ፕሮተስታንትን ብዙሕ ኣይተዓወተለንን። ኣብ ምስልምናን ኦርቶዶክስን ግና ዳርጋ ከም ዝተዓወተ እዩ ዝእመን። ነቲ ዝርኤ ሃይማኖታዊ ተቓውሞታት ድማ በቲ ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ ዝጥቀሞ ኣገባባት ኰዕጽጾ ይርእ ኣሎ። እቲ ስርዓት ነቲ ህዝቢ ንምክፍፋል ንሓደ ሃይማኖት ዘቕርብ ንሓደ ድማ ዘርሕቕ መሲሉ ክቐርብ ይፍትን ነይሩ። ሎሚ ግን፡ ነቶም ትማሊ ዘቕርቦም ዝነበረ ክርሕቖን ክህድድን ኢዩ ዝርአ ዘሎ። ስለዚ፡ እቲ ስርዓት ንረብሓኡ ዘየገልግል ክሳብ ዝኾነ እንታይ ዓይነት ሃይማኖት ይኹን ብዘየገድስ መሰላቱ ዝግህስ ስርዓት ምዃኑ ተነጺሩ እዩ። ቅድሚ ሓደ ወርሒ ኣቢሉ ኣብ ቤተክርስትያን ተዋህዶ ላዕለዎት ወተሃደራዊ ኣዘዝቱ ኣዋፊሩ ጀሚርዎ ዘሎ ናይ ዕልዋ መስርሕ ድማ ናይዚ ንጹር መርትየ እዩ።

4. ፍትሕን ሕግን፡- እዚ መዳይ'ዚ እቲ ግናይ ገጽ ናይቲ ስርዓት ዝንበበሉ መዳይ ኢዩ። ኣብ ኤርትራ ብድብድቡ ሕግን ፍትሕን ማለት ናይቲ ስርዓት ድሌት ምምላእ ጥራይ እዩ። ዝኾነ ይኹን ዋላ ኣብ ኤርትራ ዝወጸ ወይ ዓለም ለኻዊ ተቐባልነት ዘለዎ ሕጊ ኣብ ግብሪ ኣየውዕልን፤ እቲ መንግስቲ ሓይሊ ሕጊ እዩ ብዝብል መርሆ እዩ ዝምራሕ። ከም ድሌቱ ይኣስር። ከም ድሌቱ ሃለዋት የጥፍእ። ከም ድሌቱ ይቐትል። ከም ድሊቱ ንዝኾነ መሰላት ደቂ ሰብ ይግህስ። ኣብ ፍርዲ ምቕራብ ዝበሃል የለን። ናይቶም ቅድሚ ክንደይ ዓመታት ዝተኣሰሩ እሞ ኣይኮነንዶ ናብ ፍርዲ ክቐርቡስ ብህይወት ምህላዎምን ዘይምህላዎምን ዘይፍለጡ ገዲፍና፤ ናይዞም ኣብዚ ቀረባ ግዜ ካብ ከባቢ እቲ ባዕሉ ዞባ ደቡብ ዝብሎ ቦታ፡ ደቒኹም ካብ ሃገር ኣብ ምህዳም ተሓባቢርኩም ብዝብል ዝኣሰሮም ወለዲ ንጥቀስ። ቁጽሮም ብትኽክል ኣይፍለጥን፤ ካብ ውሱን ከባቢ ዓዲ ቀይሕ ጥራይ ኣስታት 800 ምእሳሮም ኣብ ግምት ኣእቲኻ ግና ብዓ ሰርተታት ኣሸሓት ዝቕጸሩ ከም ዝኾኑ ምግማት ይከኣል። ነቶም ኣብ ማይሓባር ዝቐተሎም ስንኩላን፡ ኣብ ዓዲ ኣብየቶ ዝረሸኖም መንእሰያት ከይረሳዕና፤ ነዞም ብ10 ሰነ 2005 ኣብ ሕቡእ ቤት ማእሰርቲ ዊዓ ዝረሸኖም 161 መንእሰያ'ኳ ተዘኪርና ናይቲ ስርዓት ጨካን ባህሪ ንምርዳእ የኽእለና ።ዓለም በዚ ተረኽቦታት እናተገረመት ኣብ ከተማ ኣስመራ መንእሰያት ቀቲሉ ምድርባይ ከም ዝጀመረ ብደረጃ ዓለም ኣብ ዝዝርጋሕ ጋዜጣታት ክቃላዕ ምጅማሩ ድማ እቲ ኩነታት ዝያዳ ዘስደምም ይኸውን። እቲ ኣዝዩ ዘገርም ድማ ስርዓት ህግዲፍ ኣብ ከባቢ እቲ ቅትለት ዝተፈጸመሉ ጐደናታት ከተማ ኣስመራ ንዝነብሩ ኤርትራውያን መስክሩለይ ኢሉ ኣእዳዉ ከንጽህ ምፍታኑ እዩ። እስኪ ነስተውዕል፡ ካብ ናተይ ድሌት ወጻኢ ፍልይ ዝበለ ሓሳብ ኣለዎም ካብ ዝብል መንቀሊ ዝኣስርን ዝቐትልን ጉጅለስ፤ ዝወደቐ ሬሳ ርእየ ኢሉ ንዝመስክር ክገድፎ ማለት ድዩ?!!! እዚሞ ፈጺሙ ዘይሕሰብን ዘይሕለምን ኢዩ።

# ቃለ-መሓትት ምስ ተጋዳላይ ኣሕመድ መሓመድ ናስር

መጽሔት ዲሞክራስያዊት ኪዳን ምስ ሓው ኣሕመድ መሓመድ ናስር፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ብዛዕባ ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራ እተራእዩ ንስርዓት ደኹን ንደምበ ተቓውሞ ዝምልከቱ ምዕ ባለታት፤ ብዛዕባ ዳግማይ ወጥሪ ዶብ ኣብ መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንባቡን፤ ብዛዕባ ውጽኢት ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት፤ ብዛዕባ ዑደት ልኡኽ ኪዳን ንኣውሮጳ፤ ከምኡ ውን፡ ብዛዕባ ጉዳይ ስደተኛታትን ተገዳስነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብዚ ጉዳይዝን ዘካየደቶ ቃለ-መሓትት ኣስዒብና ነቕርበልኩም።

1. ስርዓት ኤርትራ ንስርሓት ዓቓቢ ሰላም ዝዕንቅፍ ገለገለ ስጉምታት ድሕሪ ምውሳዱ፡ ናይ ውግእ ሓደጋ እንደገና ኣብ መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ይዝንቢ ኣሎ። ስለዚ፡ ብርእይቶኻ ኤርትራ ዝወሰደቶ ስጉምታት እንታይ ሳዕቤናት ኣለዎ? ናይ ውግእ ምብራዕ ዕድላትከ ኣሎዶ ይመስለካ?

መልሲ፡- ብገምጋመይ፡ ስርዓት ኤርትራ ውግእ ናይ ምጅማር ቅድመ-ኩነታት ዘማልእ ወይ ዓቕምታት ዘለዎ ኣይኮነን። እንተኾነ ግን፡ ዲክታተርያዊ ስርዓታት፡ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጉዳያት ካብ ስነ-መጐትን ካብቲ ሰፊኑ ዘሎ ኣረዳድኣታትን ልምድታትን ዝረሓቐ፡ ቆለኦም ዝኣዘዞም ናይ ምቕጻር ተግባራት ምውሳድ ልሙድ ኢዩ። ስርዓት ኤርትራ፡ መሬት ኤርትራ ብሓይሊ ክመልሶ ከምዘይክእል ቅድሚ ኵሉን ልዕሊ ኵሉን ኣዐርዩ ይፈልጥ ኢዩ። ስለዚ፡ ብሓደ ሸነኽ፡ ወጥሪ ብምፍጣር፡ ነቲ ንጉዳይ ዶብ ዝምልከት ደስኪሉ ዘሎ መርገጽ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ንምንቅስቓስ፤ ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ንልዑላውነት ሃገር ምክልኻል ብዝብል ምስምስ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ተዓጠቕ ተዓ ንደቕ ንምባልን ጸረ እቲ ዲክታተርያዊ ስርዓት ከይብገስ ኣድህቦኡ ንምጥምዛዝን ኢዩ። ወይ ድማ፡ ናይ ኢትዮጵያ ተቓወምቲ ውድባት ዕብየት፡ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣዳኺምዎ ኣሎ ዝብል ሕልምታት ውን ክህልዎ ይኽእል። ዝኾነ ኰይኑ፡ ዋላኳ እቲ ውግእ ንምብራዕ ዘብቅዕ ዓቕሚ የለን እንተተባህለ፡ ኣብዚ እዋንዚ ውግእ ምብራዕ፡ ብዘይካ ብርሰትን ንናጽነትን ልዑላውነት ሃገርን ርግኣት ናይ ዞናናን ንሓደጋ ምቅላዕ ማለት እንተዘይኰይኑ፡ ካልእ ዕላማ ደኹን፡ ካልእ ክወሃቦ ዝኽእል ትርጉም ከምዘይብሉ ክእምት እፈቱ። ክልቲኡ ሸነኻት፡ ንብይን ኮሚሽን ዶብ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ደኹን ብኢደ ወነናዊ ምምልካት ኣብ ግብሪ ከውዕሎ ኣይክእልን ኢዩ። ብዛዕባዚ ጉዳይዚ ሓላፍነት ዝስከም፡ እቲ ነዚ ውሳኔዚ ዘውሓሰን ኣብ ግብሪ ከውዕል እተመዘዘን ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ጥራሕ ኢዩ። ካብዚ ኣረዳድኣዚ ብምብጋስ፡ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራትን ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብን ኣብ መንጐ ክልቲኣን ሃገራት ዳግማይ ውግእ ከይባራዕ ኵሉ ዝከኣሎም ጻዕጥታትን ተጽዕኖታትን ክገብሩ እጽውዕ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ፡ ንረብሓ ክልቲኡ ኣሕዋት ህዝብታትን ንረብሓ ዞናናን ክትብል ትዕ ግስቲ ክትገብርን ደድሕሪ ስርዓት ኢሳያስ ዝግብሮ ምትኹታኻት ከይትጐይን እጽውዕ

2. ልኡኽ ኤርትራ ብ10 ጥቕምቲ 2005 ሃንደበታዊ ዑደት ኣብ ሱዳን ጀሚሩ። ኣብ ዝሃቦ መግለጺታት ድማ፡ ኣብ መንጐ ክልቲኣን ሃገራት ዘሎ ዝምድናታት ንምምሕያሽ ተበግሶ ከምዝወሰደ ሓቢሩ። ነዚ ኣመልኪቱ፡ ሚኒስትር ወጻኢ ጉዳያት ሱዳን፡ ዶክተር ላም ኣኮል፡ ዝምድና ኤርትራን ሱዳንን ህጹጽ ምምሕያሻት የርኢ ክምዘሎ ገሊጹ። ነዚ መግለጺታት እዝን፡ ሱዳን ንዘጋጥምዋ ዝነበሩ ፖለቲካዊ ሽግራት ምስጋራን ኣብ ግምት ብምእታው፥ ምስ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ዝነበራ ዝምድናታት ምቍራጽን፤ ከምቲ ድሕሪ ምዝዛም ርኽክባት ክልቲኡ ሸነኻት ዝወጸ ደምዳሚ መግለጺ ዝበሎ ምስ ኤርትራ ሓድሽ ምዕራፍ ምኽፋት

ዘርብሓዶ ኣይመስለካን?

መልሲ፡- መሰረታዊ ሽግራት ስርዓት ኤርትራ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ዘለዎ ዝምድናታት ምብልሻው ዘይኮነስ፥ ምስ ህዝቡ ዘለዎ ዝምድናታት ሕማቕ ምዃኑ ኢዩ። ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ዝርአ ዘሎ ምብልሻው ናይ ዝምድናታት መንጸብረቕታ ናይቲ ውሽጣዊ ኩነታት ኢዩ። እቲ ስርዓት ኣንጻር ህዝቡ እተኸተሎ ውዲታውን ተቒማርን ኣተሓሳስባታቱ ኢዩ ንምብልሻው ዞባዊ ደኹን ኣህጕራዊ ዝምድናታቱ ዘስዓበ። ንወጻኢ ልኡኻት ምስዳድን ዝምድናታት ምስ ግዳማውያን ሓይልታት ምድልዳልን መተካእታ ናይቲ እቲ ስርዓት ምስ ህዝቡ ዝህልዎ ዝምድናታት ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ስለዚ፡ ምስ ህዝቡ ዝምድናታቱ ከመሓይሽ ዘይከኣለ ስርዓት፡ ምስ ዞባውን ኣህጕራውን ክሊታት ዝምድናታቱ ከመሓይሽ ብቕዓት የብሉን። ብተወሳኺ፡ እቲ ስርዓት ብቐዳምነት ኣብ ውሽጡ ከም ስርዓት ዘለዎ ቅልውላውን፥ ከምኡ ውን ናይ ህዝቢ ቅልውላትን ኢዩ ክፈትሕ ዝግብኦ። ምኽንያቱ ድማ፡ እቲ ውሽጣዊ ቅልውላው በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ንጐድኒ ገዲፉ፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዝምድናታቱ ከመሓይሽ ዝሕግዞ ኣይኮነን። ብሚዛነይ፡ ልኡኽ ኤርትራ ናብ ሱዳን ዑደት ንኽገብር ዝደፋፍኡ ረቛሕቲ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

- ካብቲ ብሰንኪ ውሽጣውን ዞባውን ኣህጕራውን ተነጽሎ ዝወረዶ ሽግራትን ዘስዓበሉ ድኽመትን ንምውጻእ ዝገብሮ ዘሎ ፈተነ ምዃኑ፤
- ዲክታቶርያዊ ባህርያት ናይቲ ስርዓት ንኣህጕራዊ ማሕበረሰብን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ንዝኾና ማሕበራትን ከበርሃሎም ምኽኣሉን፤ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ብግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ክኸሰዎ ምጅማሮምን፤
- ካብቶም ናብ ስልጣን ዝበጽሑ ተቓወምቲ ውድባት ሱዳን ናይ ዝገበረሎም ደገፍ ክሕሳ ምጥላብ። እዚ ድማ፡ ንባይታ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ኣብ ሱዳን ብምጽባብ ይኸውን፤
- ኣብ ኢትዮጵያን ኣብ ሱዳንን ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ናይ ዲሞክራስያዊ ለውጥታት ዘሕደረሉ ስግኣት፤
- ጂኦፖለቲካዊ ኣገዳስነት ኤርትራ፡ ኣብ ጉዳይ ምውጋእ ሓይልታት ሸበራ ዝብል ኣጀንዳ ጥራሕ ተሓጺሩ ምትራፉ

ግደ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን እናዓበየ ምኻዱ።

እዚ ኩሉ ተደማሚሩ ኢዩ ነቲ ስርዓት ናብ ስግኣት ዘውድቖ። ካብዚ ሓደጋታትዚ ንምውጻእ ድማ፡ ብሓደ ሸነኽ ምስ ሱዳን ዝጸንሐ ወጥርታት ከህድእ፤ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ኣድህቦ ናይቲ ብከቢድ ቍጠባዊ ቅልውላው ዝሳቐ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ፡ ናብ ውግእ ምስ ኢትዮጵያን፥ ናብ ምክልኻል ልዑላውነት ሃገርን ዝብል ናይ ሓሶት መርሆን ብምጥምዛዝ ነቲ ኣብ ውድቀት ናይቲ ስርዓት ዓቢ ግደ ዘለዎ ናይ ህዝቢ መረረን ሻቕሎትን ሃምታቱን ክደቍስ ኢዩ ዝፍትን ዘሎ። ንሱዳን ብዝምልከት ከኣ፡ እዚ ይኹን እቲ ዝህቦ መግለጺ ብዘየገድስ፡ መርገጽ መንግስቲ ግንባር ድሕነት ሱዳን ብዋጋ ተቓወምቲ ውድባት ንረብሓ መንግስቲ ኤርትራ ዝውዕል ክኸውን ኢዩ ዝብል ፍርሒ የብልናን። ምኽንያቱ ድማ፡ ቅድም ክብል መንግስቲ ግንባር ድሕነት ሱዳን፡ ብዋጋ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ምስ ስርዓት ኣስመራ ዝምድና ክፈጥር ፈቲኑ ነይሩ ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ስርዓት ኤርትራ ወጥርታት ብምፍጣርን ዝምድናታት ብምልሻውን ኢዩ መሊስሉ። ብተወሳኺ፡ ብዛዕባ ባህርያት ስርዓት ኤርትራ ብግብሪ ካብ ዝተቐስመ ተመኩሮን ዝተጠርየ ብስለትን፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ሱዳን፡ ኣብ ጐድኒ እቲ ምእንቲ ዲሞክራስን ሰላምን ርግኣትን ዝቃለስ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ደው ክብል መሪጹ ኢዩ። ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ፡ ከም መራኸቢ ድልድል ኣብ መንጎኡን ኣብ መንጎ መንግስቲ ሃገራዊ ድሕነትን ኰይኖም ከገልግልዎ ተስፋ ኣኒቢርሎም ዘሎ ተቓወምቲ ውድባት ሱዳን፡ ምእንቲ እቲ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ክቃለስሉ ዝጸንሑን ዝቃለስሉ ዘለዉን ዕላማታት ዲሞክራስን ፖለቲካዊ ብዙሕነትን ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ዝቃለሱ

ሓይልታት ምዃኖም ኣብ ግምት ምእታው የድሊ።

3. ኣብዚ መወዳእታ ግዜ ኣብ ዝሃብክዎ መግለጺ፡ ዑደት ልኡኽ ኤርትራ ናብ ሱዳን፡ ኤርትራ ካብ ዞባውን ኣህጉራውን ተነጽሎ ንምውጻእ ዝሕግዛ ምቹእ ዕድል ኢዩ ኢልካ ነይርካ። እዚ ዑደትዚ ከመይ ገይሩ ኢዩ ካብ ዞባውን ኣህጉራውን ተነጽሎ ንምውጻእ ዝሕግዝ?

መልሲ፡- ዑደት ልኡኽ ኤርትራ ንሱዳን፡ ንኤርትራ ካብ ዞባውን ኣህጉራውን ተነጽሎ ዘውጽኣ ምቹእ ዕድል ኢዩ ኣይበልኩን። ነዚ ኣመልኪተ ዝሃብክዎ መግለጺ፡ ዑደት ልኡኽ ኤርትራ፡ ካብቲ ኤርትራ ባዕላ ዝፈጠረቶ ዞባውን ኣህጉራውን ተነጽሎ ንምውጻእ ዝሓለነ ፈተነ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል ኢየ ዝበልኩ። እንተኾነ ግን፡ እቶም ነቲ መግለጺ ዘቃልሑ ሸነኻት፡ ብልክዕ ስለዘይጠቐሱኒ ገለ ድንግርግር ክፍጠር ክኢሉ።

4. ድሕሪ ምዝዛም መስራቲ ኣኼባ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ናብ ብዙሓት ሃገራት ኣውሮጳ ዑደት ኣካይድካ ኔርካ። ውጽኢታት ናይ ዑደትካ ከመይ ነይሩ?

ድሕሪ ምዝዛም መስራቲ ኣኼባ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ማእከላይ መሪሕነት ኪዳን ንዘጽደቖ መድረኻዊ መደብ ዕዮ ንምፍጻም ኣኼባኡ ኣካይዱ። በዚ መሰረት ናብ ሃገራት ኣውሮጳ ዑደት ክካይድ ተመዚዘ። ዕማመይ ክልተ ገጻት ዝነበሮ ኢዩ ነይሩ። እቲ ሓደ ገጹ፡ ምስ መንግስታት ኣውሮጳን ናይ ሰብኣዊ መሰላት ማሕበራትን ምርኻብን፤ ሃገርና፡ ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ትሕልፎ ዘላ ኣሰቃቒ ኩነታትን ሃለዋት ስደተኛታትን ምግላጽ፤ ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ዕላማታት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ነዞም ኣካላት እዚኣቶም ምብራህን ክኸውን ከሎ፤ እቲ ካልኣይ ገጽ ናይ ዑደተይ ከኣ፡ ሰፊሕ ህዝባዊ ኣኼባታት ብምክያድ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘረጋገጾም ዓወታት ምብራህን ናይተን ኣብ ዝበጻሕክወን ሃገራት ኣውሮጳ ዝርከባ ጨናፍር ኪዳን ዳግመ ስርርዓት ምክያድን ነበረ። በዚ መሰረት፡ ኣነ ዝመርሖ ልኡኽ፡ ኣብ ጀርመን፡ ፈረንሳ፡ ሆላንድ፡ ዓባይ ብሪጣንያን ሸወደንን ዑደት ኣካይዱ። እቲ ልኡኽ፡ ምስ ሰበስልጣንን ሚኒስትሪታት ወጻኢ ጉዳያትን ተራኺቡ። ከምኡ ውን፡ እቲ ልኡኽ፡ ኣብ ስትራስቡርግ፡ ፈረንሳ፡ ዝርከብ መደበር ፓርላማ ሕብረት ኣውሮጳ ብጽሖት ፈጺሙ። ነተን ዝተራኸበን መንግስታትን ትካላትን ድማ፡ መዘክራትን ቻርተር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ኣቕሪቡ። ኩሉቲ ርክባት፡ ብዛዕባቲ እናንቀልቀለ ዝኸይድ ዘሎ ኩነታት ኤርትራን፤ ዕላማታት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፥ ኩነታት ኤርትራውያን ስደተኛታትን ንምብራህ ኢዩ ነይሩ። እቶም ዝተራኸብናዮም ሸነኻት፡ ብቲ ዘቕረብናዮ ጉዳያት ዕቱብ ተገዳስነት ከምዝነበሮም ልኡኽና ክድህስስ ክኢሉ ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ኩሎም ብሓባር ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ፖሊሲታት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ንኣዝዩ ሓደገኛ ዝኾነ ኩነታትን ንግህሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ተቓሊዑ ምህላዉ ይሰማምዕሉ ኢዮም። እዘን ሃገራት እዚኣተን፡ ንዲሞክራስያዊ ቃልስታትና ምሉእ ብምሉእ ናብ ምድጋፍ ከነሰጋግረን መታን ክንበቕዕ ጻዕርታትና ከኻዕብትን ኣገባብ ኣሰራርሓና ከነማዕብልን ከምዘለዎና ኢዩ ዝርኣየኒ። እቲ ልኡኽ ብተወሳኺ፡ ብጉዳይ ልምዓትን ስደተኛታትን ምስ ዝግደሳ ማሕበራት ተራኺቡ። እተን ማሕበራት ውን፡ ንኩነታትን ጠለባትን ኤርትራውያን ስደተኛታት ንምጽናዕ ቅሩብነተን ገሊጸን።

5. ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ ከምዘካየደ ይፍለጥ። እቲ ኣኼባ እተዛረበሎም ኣገደስቲ ጉዳያትን ዘሕለፎም ኣገደስቲ ውሳኔታትን እንታይ ኢዮም?

መልሲ፡- ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት እተሰላሰለ መስራቲ ኣኼባ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ንተመኩሮ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ብደረጃ ቻርተሩን መሰረታዊ ቅዋሙን ወይ ቅርጻታት መሪሕነቱ ዝነበሮ ሕጽረታት ገምጊሙ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ዝሓለፈ ተመኩሮ ዝነበረ ሕጽረታት ብፍላይ ድማ፡ ኣብ መዳይ ውድባውን

መሪሕነታውን ቅርጻታት ዝነበረ ሕጽረታት ብመጠኑ ክሰግሮ ክኢሉ ክበሃል ይከኣል። ብድሕርዚ፣ ንዝስዕብ 6 ኣዋርሕ ዝፍጽሞ መደረኻዊ መደብ ዕዮ ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ሓንጺጹ። ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስይዊ ኪዳን ድማ፣ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ብመሰረት እቲ እተሓንጸጸ መደብ ዕዮ፣ ኣብተን ዝሓለፉ 6 ኣዋርሕ ዝፈጸሞም ኵሉ መዳያዊ ስርሓት ገምጊሙ። ካብዚ ተበጊሱ፣ ኣብ መጻኢ መድረኻት፣ ነቲ ኣዎንታዊ ውጽኢታት ዘማዕብል፤ ነቲ ኣሉታዊ ውጽኢታት ድማ ዝእርም መርገጻት ኣነጺሩ። ከምኡ ውን፣ ማእከላይ መሪሕነት ብርክት ዝበሉ ውሳኔታት ኣመሓላሊፉ። ገለ ካብቶም ኣገደስቲ ውሳኔታት፣ ኣብ መንገሳ ኣባላት ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝፍጠር ዘይምርድዳኣት ብዲሞክራስያዊ ልዝብ ክፍታሕ፤ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ብኹሉ ኣገባብ ኣቀላልሳ ምምካት፤ ኣብ መንገሳ ወተሃደራዊ ክንፍታት ዘለወን ውድባት ናይ ምውህሃድ ስርሓት ክካየድን፣ ኣብ መጻኢ እዚ ሰራዊታትዚ ናብ ሓደ ሃገራዊ ሰራዊት ዝሰጋገረሉ ኩነታት ንምምችቻእ ምጽዓ ርን፤ መትከል ልዝብ ምስ ስርዓት ኤርትራ ዳግም ምርግጋጽ ዝብሉ ኢዮም። ኣብ መንገሳ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ናይ ዶብ ወጥሪ ብዝምልከት ድማ፣ ማእከላይ መሪሕነት እቲ ብይን ፍትሓዊ ከምዘይነበረ ደጊሙ ድሕሪ ምርግጋጽ፣ ክልቲኦም ሸነኻት ኣብ ግብሪ ከውዕልዎ ግዱዳት ምዃኖም ግን ኣስሚርሉ። ከምኡ ውን፣ ንኣፈጻጽማኡ ብዝምልከት ዘጋጥሙ ጸገማት ብልዝብ ክፍትሑ ጸዊዑ። ንስደተኛታት ብዝምልከት ድማ፣ ብዝሓምን ሽግራቶምን እናዛየደ ይኸይድ ከምዘሎ ኣብ ግምት ብምእታው፣ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ጸገማቶም ንምቅላልን ንመሰላቶም ክጣበቕን ዓቕሙ ብዘፍቅዶ ክተሓባበሮምን ምዃኑ ኣረጋጊጹ። ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብዝምልከት፣ ኣካል ናይቲ ዝቐውም ሃገራዊ ስራዊት ክኸውን ምዃኑ ኣረጋጊጹ። ኣብ መዳይ ዝምድና ምስ ጐረባብቲ ህዝብታትን መንግስታትን ነቲ ኪዳን ጀሚርዎ ዝጸንሐ ጻዕርታት ክቕጽሎን፤ ዕ ላማታቱ ድማ፣ ርግኣትን ኣብ ሓባራዊ ረብሓ እተሰረተ ምድግጋፍን ንናጸ ፖለቲካዊ ውሳኔ ዘኽብርን ዝምድናታት ንምፍጣርን ክኸውን ጸዊዑ።

6. ስለምንታይ ኢዩ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ናይ ገለ ውድባት ኣባልነት ኣብ ኪዳን ክንጥልጠል ዝወሰነ?

መልሲ፦ ብቐዳምነት፣ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፣ ንግዳ ናይ ዝኾነ ይኹን ውድብ ወይ ውልቀሰብ ኣነኣኢሱ ከምዘይርኢ ከረጋግጽ እፈቱ። እንተኾነ ግን፣ ምስ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ኣካል ዝህልወና ዝምድናን ምትእትታውን ካብቲ ኵልና ብፍቶት እተቐበልናዮን ኣብ መሰረታዊ ቅዋምና ሰፊሩ ዝርከብን ናይ ኣባልነት መትከላትን መዐቀኒታትን ኢዩ ክብገስ ዘለዎ። ካብዚ መዐቀኒታትዚ ብምብጋስ፣ እቶም ብእዉጅ ዝኾነ መስመሪ ጉባኤ ሓደ ውድብ ከምዝመስረቱ ዘፍለጡ ውድባት፣ ዋላ ከምእተጸንበሩን ሓደ ውድብ ከምዝመስረቱን እንተኣወጁ፣ ኣብ መንጎኦም ፍልልያት ከምዘሎን፥ እቲ ትካላት ናይቲ ሓድሽ ውድብ ዘካይዶ ንጥፈታት ከምዘየሎን ኢና ክንግንዘብ ዝኸኣልና። ስለዚ፣ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ቅድሚኡ ክልተ ምርጫታት ነይሩ። ንሱ ድማ፣ ወይ ንሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ብኣዋጁ ምቕባል ወይ ድማ፣ ናብቲ ቅድሚ ሓድነት ምፍጻሞም ዝነበረ ኩነታት ተመሊስካ፣ ነቶም ውድባት ከም ርእሶም ዝኸኣሉ ኣካላት ምቕባል ኢዩ። ጠቓሚ ክትዕ ኣብዚ ጉዳይዚ ድሕሪ ምክያድ፣ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ንኽልቲኡ እቲ ምርጫታት ምቕባል ከምዘየዋጽእ ርእዩ። ካብዚ ተበጊሱ፣ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት፣ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ክሳዕ ውሽጣዊ ጉዳያቱ ዝፈትሕ ኣባልነቱ ተንጠልጢሉ ክጸንሕ ዝብል ውሳኔ ምውሳድ ዝሓሸ ሳልሳይ ምርጫ ምዃኑ ርእዩ።

7. ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ ነቲ ስርዓት ንምውዳቕ ኵሉ ኣገባብ ቃልሲ፣ እንተላይ ብረታዊ ኣገባብ

ምጥቃም ዝብል ውሳኔ ኣሕሊፉ። ዕላማ ናይዚ ውሳኔዚ፡ እቲ ብገለገለ ውድባት ዝካየድ ዘሎ ብረታዊ ስርሒታት ሕጋውነት ንምልባስ ድዩ? ወይስ ኪዳን ናቱ ወተሃደራዊ ክንፊ ናይ ምምስራት ዕላማ ስለዘለዎ ኢዩ?

መልሲ፡- ብመትከላዊ ኣመለኻኽታ፡ እቲ ቅድመ-ኩነታት እንተደኣ ተማሊኡ፡ ዕድመ ናይቲ ስርዓት ንምሕጻር ኩሉ ኣገባብ ኣቀላልሳ ምጥቃም ዝብል ሓሳብ ኩሉ ዝቕበሎ ኢዩ። እቲ ፍልልይ ግን፡ ነቲ ኩነታት ኣብ ምምዛን ኢዩ ዝፍጠር። ናጽነት ኤርትራ ካብ እተረጋገጸሉ እዋን ጀሚሩ፡ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ነቲ ፖለቲካዊ ፍልልያት ብልዝብ ንምፍታሕ ጻውዒት ከቕርቡ ጸኒሖም ኢዮም። እንተኾነ ግን፡ ስርዓት ኣስመራ ነዚ ጻውዓ ታዚ ኣይተገደሰሉን። ከም ተጻይ መልሲ ነዚ ሱቕታዚ፡ ገለገለ ውድባት ወተሃደራዊ ክንፍታት ከቑሙ ተራእዮም። ገለ ካልኦት ድማ፡ ካብቲ ጸረ መግዛእቲ ዝካየድ ዝነበረ ሰውራ ኣትሒዙ ዝቐጸለ ወተሃደራዊ ክንፍታት ጸኒሖምም። እዞም ውድባት እዚኣቶም፡ እቲ ንልዝብ ዝነጽግ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብዘይካ ናይ ሓይሊ ቛንቛ ካልእ ኣይሰምዕን ኢዩ ዝብል ዕ ግበት ኣለዎም። እንተኾነ ግን፡ ዋላኳ ናይ ውድባት ወተሃደራዊ ክንፍታት ይሃሉ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ 10 ዓመታት ኣብ ልዕሊቲ ስርዓት ዘሕምም ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ከውርድ ኣይተራእየን። እዚ ናቱ ውድዓ ውን ባዕላውን ምኽንያታት ኣለዎ። ነዚ ጸገምዚ ንምስጋር ውድብና፡ ኣብ ፖለቲካዊ ብዙሕነትን ኣብ ሓድነት ወተሃደራዊ ክንፍታት ካብ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ተበጊሱ ብሩህን ውሱንን ርእይቶ የቕርብ ነይሩ። እዚ ድማ፡ ብዙሕነት ወተሃደራዊ ክንፍታት ኣብ ከም ሃገርና ዝኣመሰለ ኩነታት ከስዕቦ ዝኽእል ሓደጋታት ካብ ምግንዛብ ኢዩ ዝነቅል።

እዚ ጉዳይዚ፡ ኣብዚ ኣብ መወዳእታ እተኻየደ …%o òl „íXqVgñ ªïN‹V]¥gñ %oïª} ብዕምቆት ተዘሪብሉ። እቲ ብዛዕባዚ ጉዳይዚ ቅድም ክብል ዝነበረ ውሳኔ ዝነበሮ ዘይብሩህነትን፤ ንሱ ዘስዓቦ እተፈላለየ ትርጉማትን፤ ከም ውጽኢቱ ኣብ መንጎ ውድባት ኪዳን እተፈጥረ ግርጭታትን ብሓደ ሸነኽ፤ ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ንዲክታተርያዊ ስርዓት ንምውዳቕ ኩሉ ኣገባብ ኣቀላልሳ ምጥቃምን፤ ብሓደ ወተሃደራዊ ስትራተጂ ዝምራሕ ሓደ ሃገራዊ ሰራዊት ንምህናጽ ኣብ መንጎ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ዕቱብ ልዝብ ምክያድን ዝብል ውሳኔ ኣመሓላለፈ።

**8. ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ምስቲ ክላዘብስ ይትረፍ ብህላወ ናይ ተቓወምቲ ውድባት ዘይኣምን ስርዓት ኤርትራ ልዝብ ክግበር ምውሳኑ ህውኽ ወይ ድማ ዓቐኑ ዝሰሓትን ምኽንያት ዘይብሉን ምትዕጽጻፍዶ ኣይኰነን?**

መልሲ፡- ልዝብ፡ ክልተ ሸነኽ ወይ ሸነኻት ኣብ መንጎኦም ዘሎ ፖለቲካዊ ፍልልያትን ቅልውላዋትን ንኹሉ ብዘዕግብ ኣገባብ ንምስጋርን ናብ ርግኣትን ቀጻልነትን ንምብጻሕ ዝሕግዝ ዝበለጸ መሳርሒ ኢዩ። ብተወሳኺ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ልዝብ ዘለዎ ዕግበት፡ ኣብ ድሌት ወይ ተቐባልነት ናይቲ ስርዓት ወይ ድማ ኣብ ኣበያኡ ዘይኰነስ፤ ኣብ ድሌትን ተረድኦን ናይ ኪዳንን፥ ኣብ ልዕሊ ሃገሩን ህዝቡን ዘለዎ ሓላፍነትን ኢዩ ዝምርኰስ። እዚ መትከልዚ ንዋጋ ዕዳጋን ምትላልን ዝሳጣሕ ኣይኰነን። ስለዚ፡ እቲ ስርዓት ብኣና ይኹን ብልዝብ ይእመን ወይ ኣይእመን ብዘየገድስ፤ ከምኡ ውን፡ ምሕያሉን ምድኻሙን ብዘየገድስ፡ ንሕና ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት፡ ነቲ ፖለቲካዊ ቅልውላው ብልዝብ ንምፍታሕን፤ ስልጣን ንህዝቢ ንምርካብ ዝዕላማኡ ኣገባብን መድረኻትን ንምትላም ምስቲ ስርዓት ኮፍ ንምባል ድሕር ኣይንብልን ኢና። ልክዕ ኢዩ፡ ምስዚ ስርዓ ት እዝን፡ ጭቆናን ምልክን ዝሕምረቱ ፖለቲካኡን ናይ ካልእ ርእይቶ ዘይቕበል ኣቕጣጫኡን እኹል ተመኩሮን ኣፍልጦን ኣሎና። እንተኾነ ግን፡ መሰረት ናይ ፍትሕን ማዕርነትን እተመጣጠነ ልምዓት ኣብ መንጎ እተፈላለዩ ማሕበራውን ጂኦግራፍያውን ክፍልታት ህዝብናን ሃገርናን ዝኾነ ዲሞክራስን፡ ልዑላውነት ሕግን፡ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን፡ ብናጻ ድሌት ናይ ህዝቢ ዝቐውም መንግስትን

ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ከምዘሎና ውን ንርዳእ ኢና። ስለዚ፡ ፍልልያትና ምስ ውልቀሰባት ዘይኮነስ፡ ምስ ፖሊሲታትን መርሆታትን ናይቲ ስርዓት ኢዩ በሃልቲ ኢና። ከምኡ ውን፡ ልዝብ ማለት ነቶም ንህዝቢ ዝበደሉ ገበኛታት፡ ብዋጋ ናይቶም መሰላቶም እተጋህሰ ዜጋታት ሓራ ምውጻእ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ኣብ ትሕቲ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ብዝቖሙ ናይ ፍትሒ ትካላት ኣቢልካ ንገበነኛታት ብዝፈጸምዎ በደላት ምትሕስሳብ ማለት ኢዩ።

**9. ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ናይ ህይወት እናኸፍአ ኢዩ ክኸይድ ዝርአ ዘሎ። እቲ ስርዓት ውን ካብ ጐረባብቱን ካብ ዓለምን ተነጺሉ ኢዩ ዝርከብ ዘሎ። እንተኾነ ግን፡ እቲ ስርዓት በዚ ኩነታትዚ ዝተጸልወ ኣይመስልን። ብዛዕባዚ እንታይ ርእይቶ ኣሎካ?**

መልሲ፦ ነዚ ኩነታትዚ ዝፈጠረ ረቛሕቲ ብዙሓት ኢዮም። እቲ ቀዳማይ ረቋሒ፡ ሰውራ ኤርትራ ኣብ መዋእል ናይ ሓርነታዊ ተጋድሎ ንህዝቢ ሃገራዊ ናጽነቱ ከመይ ካብ ገዛእቱ ይምንዝዕ ጥራሕ ኢዩ ምሂርዎ። ናጽነት ምስ ተረጋገጸ ድማ፡ ነቲ ተረኽቦ ከም ኣገዳሲ ታሪኻዊ ተረኽቦ ክሳዕ ድሕሪኡ ዘሎ መድረኽን ዕማምን ዝሽፍን ብምግናን ኢዩ ተገሊጹ። ስለዚ፡ ንናጽነት በዚ ኣገባብዚ ምግላጽ፡ ኣብቲ ድሕሪ ናጽነት፡ ሃገረ ኤርትራን ፖለቲካዊ ስርዓቱን ናይ ምህናጽ ዕማም ኣብ ቅድሚኡ ህዝቢ ምስ ተደቀነ ዓቢ ግድል ኢዩ ኰይንዎ። እቲ ዝኸፍአ ድማ፡ ካብዚ ስምዓትዚ ብምብጋስ፡ ሰፊሕ ክፍሊ ናይ ህዝብና ኣንጻር እቲ ስርዓት ምዝራብ ኣንጻር ናጽነት ምዝራብ ወይ ድማ ካብ ህርፋን ናይ ስልጣን ዝብገስ ገይሩ ክትርጐም ተራእየ። ብሰንኪ ተግባራትን ፖሊሲታትን እቲ ስርዓት ግን፡ እቲ ጉዳይ ሕጂ ንኹሉ ክበርሃሉ ክኢሉ።

ካልእ ረቛሒ ድማ፡ ገለገለ ናይ ምዕራብ ናይ ዜና ማዕከናት፡ ንገለገለ መራሕቲ፡ እንተላይ ኢሳያስ፤ ከም መድሕን ናይ ኣፍሪቃ ገይረን ክገልጽኦም ምፍታነን ኢዩ። ሰላምን ልምዓትን ዕብየትን ብደረጃ ኣፍሪቃ ከረጋግጹ ዝኽእሉ ኣብነታውያን ስርዓታት ኢዮም ዝብል መናፍሕ ድማ ዘርጊሐምሎም። እቲ ሳልሳይ ረቛሒ፡ ብኢሳያስ ዝምራሕን ንዑኡ ጥራሕ ዝምእዘን ነቶም ኣብ ምህናጽ ህዝባዊ ግንባር ታሪኻዊ ግደ ዝነበሮም ባእታታት ዘርሒቕን ቀንጻሊ ጸጥታዊ ትካላት ኣቢሉ ዕብለላ ኢሳያስን መጋበርያታቱን ምርግጋጹ ኢዩ። ራብዓይ ረቛሒ ድማ ድኽመት ናይ ደምበ ተቓውሞ ኢዩ። እዚ ኩሉ ተደማሚሩ ድዩ በበይኑ ኰይኑ ኢዩ፡ ነቲ ስርዓት ዋላ እንተደኸመ ኣብ ስልጣን ክቕጽል ዕድል ዝሃቦ።

**10. ብሰንኪ ፖሊሲታት ዲክታቶርያዊ ስርዓት፡ ጉዳይ ስደተኛታት፡ ምስቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዛየደ ዝመጸ ብዝሓምን ርሱን ጉዳይ ኰይኑ ኣብ ዝርከበሉ እዋን ብሓደ ሸነኽ፤ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ድማ፡ ድሕሪቲ ሕጋዊ ምጽራይ ኢሉ ዝሰመዮ መደብ ንጉዳይ ሰደተኛታት ዕሸሸ ምባሉን ብኻልእ ሸነኽ፡ ጉዳይ ስደተኛታት ኣብ ኣጀንዳ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን እንታይ ቦታ ሒዙ ይርከብ?**

መልሲ፦ ጉዳይ ስደተኛታት፡ ሓደ ካብ ቀዳምነታት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኰይኑ፡ ፖለቲካውን ማሕበራውን ርሕቀት ወይ ዕምቆት ዘለዎ ጉዳይ ምዃኑ ድማ ፍሉጥ ኢዩ። ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ክልተ ተኸፊሎም ክርኣዩ ይኽእሉ። እቲ ሓደ ክፋል፡ እቶም ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ እንከላ እተሰዱን ንዓሰርተታት ዓመታት ኣብ ሱዳን እተቐመጡን ኢዮም። ትካላት ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሃገሮም እንተደኣ ተመሊሶም ከጋጥሞም ዝኽእል ጸገማት ይርዳእ እኳ እንተነበረ፡ ድሕሪ ናጽነት ከም ስደተኛታት ኰይኖም ዝነብርሉ ዝነበሩ ኩነታት ኣኽቲሙ ኢዩ ካብ ዝብል መንቀሊ ነዞም ቀዳሞት ስደተኛታት እዚኣቶም ዕሸሸ በሎም። ድሒሩ ከኣ፡ ንሕጋውነት ኩነታት ስደተኛታት ዳግማይ ርእይቶ ምግባር ኣብ ትሕቲ ዝብል ምስምስ፡ ሕጋዊ ምጽራይ ዝብል መደብ ብምምሃዝ ኣብ ልዕሊ እቲ

ኣብ ሱዳን ዝርከብ ሰፊሕ ክፍሊ ናይ ስደተኛታት ካብ ዘለዎ ሓላፍነት ክሃድም ተራእየ። እንተኾነ ግን፡ ኣብዚ መወዳእታ እዋን ካብ ገለገለ ሓለፍቲ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ዝሰማዕናዮ ነቲ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ሱዳን ዝውሃብ ዝነበረ ሓገዝን ዑቕባን ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ናይ ሕጋዊ ምጽራይ መስርሕ ደው ዘበለ ውሳኔታቱ ዳግመ ርእይቶ ክገብረሉ ምዃኑ ዝሕብር መግለጺ ተስፋ ዝህብ ኢዩ።

እቲ ካልኣይ ክፋል ናይ ስደተኛታት፡ እቶም ኣብዚ እዋንዚ ካብ ዲክታቶርያዊ ጭቆና ኣምሊጦም ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ተሰዲዶም ዘለዉ መንእሰያት ኢዮም። ኣብ መጻኢ እዚ ሓይሊዚ ዝውንኖ ንዋታውን ስነፍልጠትውን ዓቕምታት ኢዩ ሃገር ዝሃንጽ ዝብል እምነትን ተስፋን ኢዩ ነይሩና። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ንርሕቀትን ዕምቆትን ናይዚ ኩሉ ጸገማትዚ ብግቡእ ብምግንዛብ፡ ምስ ጐረባብቲ ሃገራትን ሃገራት ኣውሮጳን ብጉዳይ ስደተኛታት ምስ ዝግደሱ ማሕበራትን ብምርኻብ፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ሱዳን ሕጋዊ ቦታኦም ክሕዙን፤ እቶም ሓደስቲ ስደተኛታት ውን ሕጋውን ሰብኣውን መሰላቶም ክረጋገጸሎም ጻዕርታት የካይድ ኣሎ። እቶም ዝተራኸብናዮም ኣካላት ውን፡ ነዚ ኩነታትዚ ንምርዳእ ብዙሕ ኣየጸገሞምን። እንተኾነ ግን፡ ደገፍ ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንስደተኛታት ፖለቲካውን ሞራላውን ስለዝኾነ፥ ስደተኛታት ንኹሉ ሸናኻዊ ኣቒቑማኦም ዘንጸባርቕን ብጉዳዮም ዝግደስን ካብ ምትእትታዉ ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ናጻ ዝኾነን በርገሳዊ ማሕበር ክምስርቱን፤ ኩነታቶም ነተን ብዛዕባ ስደተኛታት ዝግደሳ ኣህጉራዊ ማሕበራትን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ዝኾና ማሕበራትን ከቕርቡ ክኽእሉ ኣለዎም።

# ዜናዊ ጸብጻብ

**1. ፍሽል ፈተነ ዑደት ልኡኽ ኤርትራ ናብ ሱዳን**

ሓው ሑሴን ኸሊፋ፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ሱዳን ዘካየዶ ዑደት፡ ካብ ውሽጣውን ዞባውን ኣህጉራውን ተነጽሎ ንምውጻእ ዝዓለመ ፍሹል ፈተነ ምዃኑ ኣጋሊጹ። ቀጺሉ፡ ዕላማ ናይቲ ዑደት፡ ነቲ ብተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ዝካየድ ነቲ ስርዓት ዕርቃኑ ዘውጽእ ፕሮፖጋንዳዊ ንጥፈታት ደው ንምባልን፤ ንድምጺ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ንምዕባስን ምዃኑ ኣብሪሁ። ብተወሳኺ፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ካብቲ ኣብቲ ዞና ዝነፍስ ዘሎ ናይ ሰላም ንፋስ ተኸዊሉ ክነብር ከምዘይክእል ድሕሪ ምግላጽ፤ ነቲ ዝኸተሎ ዘሎ መርሆ ገዲፉ፡ ኣብቲ ንኹሉ ፖለቲካዊ ሓይልታት ዘሳተፍ ሃገራዊ ዋዕላ ንኽጽንበር ልዝብ ክጅምር ኣለዎ ኢሉ። ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ፡ ምስቲ ስርዓት ልዝብ ንምግባር ቅሩባት ምህላዎም ድማ ኣመልኪቱ። ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ሓው ኣሕመድ መሓመድ ናስር፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ኩሉ ፖለቲካዊ ሓይልታት ዝሳተፎ ናይ መሰጋገሪ መንግስቲ ክቖውም ጸዊዑ። ከምኡ ውን፡ ንስርዓት ኤርትራ፡ ናይ ዲሞክራስን ናጽነትን ባብ ክኸፍትን፥ ሰብኣዊ መሰላት ከኽብርን ጠሊቡ። ኣስዒቡ፡ ብዛዕባ ከመይነት ኣሰታትፋ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ መሰጋገሪ መንግስቲ ብዝምልከት፡ ምስ ስርዓት ኢሳያስ ፖለቲካዊ ልዝብ ንምክያድ ደምበ ተቓውሞ ድልው ምህላዉ ገሊጹ። ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ሓው ኣሕመድ መሓመድ ናስር፡ ነቲ ልኡኽ ኤርትራ ናብ ሱዳን ዘካየዶ ዑደት ኣመልኪቱ፡ ካብ ዞናውን ኣህጉራውን ተነጽሎ ንምውጻእ እተገብረ ፈተነ ኢዩ ክብል ገሊጽዎ።

**2. ጨንፈር ኤ.ዲ.ኪ ዓባይ ብሪጣንያ ንሽበራዊ ፍጻሜ ለንደን ኰኒኑ**

ጨንፈር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዓባይ ብሪጣንያን ደገፍቲ ኪዳን ዝኾኑ ዜጋታት ኤርትራን ኣብ ዘውጽእዎ መግለጺ፣ እቲ ኣብ ለንደን እተኻየደ ናይ ራዕዲ ፍጻሜ ከምዘሰንበዶምን ከም ዘጕሃዮምን ድሕሪ ምግላጽ፤ ከምዚ ዝዓ ይነቱ ንህይወት ናይ ሰላማውያን ሰባት ኣብ ሓደጋ ዘእቱን፥ ንብረት ህዝቢ ዘዕኑን ተግባር ኣጥቢቖም ከምዝኹንንዎ ኣረጋጊጾም። እቲ መግለጺ ቀጺሉ፣ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ኤርትራ ግዝኣተ ሕግን ዲሞክራስን ንምስፋን ዝቃለሳ 16 ውድባት ዝሓቘፈ ጽላል ወይ ግንባር ምዃኑ ኣመልኪቱ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፣ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ፣ በቲ ባዕሉ እተሸመ ናይ ሓደ ውልቀሰብን ሓደ ሰልፍን ምልካዊ ስርዓት ክፍጸም ዝጸንሐ ቀጻሊ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ዝብድህ ዘሎ ግንባር ምዃኑ ውን ኣረዲኡ። ጨቋኒ ስርዓት ኢሳያስ ኣፍወርቂ፣ እተኸተሎ ጸሕታሪ ውግእ ዝኾነ ፖሊሲታት ንኤርትራ ቍጠባውን ማሕበራውን ቅልውላዋት ከምዘስዓበላን ንዘይተፈልጠ መጻኢ ሓደጋ ከምዘሳጥሓን ድማ ሓቢሩ። ከም ውጽኢቱ ኤርትራውያን መንእሰያት ዝፈትውዋ ሃገሮም ራሕሪሖም ኣብ መላእ ዓለም ክስደዱ ይግደዱ ምህላዎም ኣሚቱ። ኣስዓቡ፣ ንሕና ነታ ብሰራዊት ዕልቕልቕ ኢላ ዘላ ኤርትራ፣ ሰራዊታ ክንከ ከምዘለዎ ንርኢ ኢሉ እቲ መግለጺ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ናይቲ ፈታው ሰላም ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራን ናይተን ኣብ ኤርትራ ሰላምን ፍትሕን ዲሞክራስን ክሰፍን ዝደልያ ብውግእ እተሳቐያ ጐረባብቲ ሃገራትን ደገፍ ዘለዎ ግንባር ምዃኑ ኣብሪሁ። ኣብ መደምደምታ፣ ኣብቲ ጸረ ሽበራ ዝካየድ ቃልሲ ኣብ ጐድኒ ዓባይ ብሪጣንያን ኣብ ጐድኒ ንዲሞክራሲ ዝቃለሱ ሓይልታትን ደው ከምዝብል ኣረጋጊጹ። ኣብ መጻኢ ንዝድለ ምትሕብባር ከወፊ ድልዊ ምዃኑ ድማ ገሊጹ። ቤት ጽሕፈት ቀዳማይ ሚኒስተርን ቤት ጽሕፈት ስኮትላንድ ያርድ ፖሊስን ድማ ብሸነኾም፣ ነቲ ብ5 መስከረም 2005 እተቐበልዎ መግለጺ ጨንፈር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣመልኪቶም፣ ምስጋናኦም ኣቕሪቦም። ቤት ጽሕፈት ስኮትላንድ ያርድ ፖሊስ ኣብ ዝሃቦ መልሲ፣ ናይ ሽበራ ተግባራት ኣብ ዘለና ሃሊና ንኸሉ ላትና ዘሳቒ ሕማቕ ተግባር ስለዝኾነ፣ ደው ንምባሉ ኵሉ ዝከኣለና ክንገብርን፤ ንሽበራዊ ተግባራት ዝደፋፍኡ ጠንቅታት ክንፈልጦምን፥ ካልኦት ሰባት ብፍላይ ድማ መንእሰያት፣ ብኡ ከይታለሉን ከም መውጽኢ ናይ ብስጭታቶም ከይጥቀምሉን ክነረድእ ክንክእል ኣሎና ኢሉ። እዚ ኣብ ለንደን ብሓደ ውልቀ-ሰብ እተፈጸመ ተግባር፣ ንስም ኤርትራን ኤርትራውያንን ዘባላሹ ከምዘይኮነ ውን ከነረጋግጸልኩም ንፈቱ ኢሉ። መብዛሕትኦም ኣብዚ ተግባርዚ እተሳተፉ፣ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ እተወልዱ ወይ ዝዓበዩ ምዃኖም ውን ኣረጋጊጹ። ቀጺሉ፣ እዞም ሰባት እዚኣቶም ኣዝዮም ውሑዳትን ነቲ ዝበዝሐ ክፉል ናይ እስላማዊ ማሕበረሰብ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ዘይውክሉ ምዃኖምን ውን ኣስሚርሉ። እቲ ኵልና ክግንዘቦን መፍትሒ ክነናድየሉን ዘሎና ግን፣ ናብዚ ናይ ራዕዲ ተግባርዚ ንምፍጻም ዘብጽሖም መስርሕ ኢዩ ኢሉ። ነዚ ድማ፣ ናይ ኵለን ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ዝነብራ ማሕበረሰባት ምትሕብባር ከድልየናን ኢዩ ድሕሪ ምባል፤ ብዘይ ተሓባባርነት ናይዘን ማሕበራት እዚኣተን፣ ፖሊስ ንበይኑ ነዚ ተርእዮዚ ክስዕሮ ከምዘይክእል ንርዳእ ኢና ኢሉ። ናይ ኤርትራዊ ማሕበረሰብ ደገፍ ከምዘሎናን ምሳና ሓቢሩ ክሰርሕ ከምዝደልን ምፍላጥና ድማ ኣዝዩ ኢዩ ዘሕጕሰና። ኣብ ለንደን ከምዚ ዝዓይነቱ ተግባር ዳግም ከይፍጸም ኵሉ ዝከኣለና ክንገብር ኢና ብምባል ደምዲሙ።

**2. ወጥሪ ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ይቕጽል ኣሎ**

መንግስቲ ኤርትራ ካብ ዝሓለፈ ረቡዕ 12 ጥቕምቲ 2005 ጀሚሩ ናይ ሕቡራት ሃገራት ዓቓቢ ሰላም ሀሊኮፕተራት ኣብ ሰማያት ናይቲ ካብ ወተሃደራዊ ምንቅስቓሳት ናጻ ክኸውን እተወሰነ 25,000 ኪሎ ሚትር ዝስፍሓቱ ክልል ከይበራ ምኽልካሉ ዝዝከር ኢዩ። ሕቡራት ሃገራት፣ መንግስቲ ኤርትራ ንውሳኔኡ

ዳግመ-ርእይቶ ክገብረሉ እኳ እንተጠለበ፡ ሰማዒ ግን ኣይረኸበን። ሕቡራት ሃገራት፡ ስዒቡ፡ ነቲ ኣብ ባዳን ፋውሊናን ዓስኪሩ ዝነበረ ዓቓቢ ሰላም ሰራዊቱ ክምዝሰሓቦ ኣፍሊጡ። ምኽንያት መስሓቢኡ ድማ፡ እዘን ንቑጣታት እዚኣተን፡ ካብቲ ካልእ ንቑጣታት ፍንትት ኣብ ዝበለ ቦታ ስለዝርከባ ምዃኑ፡ እተፈላለዩ ሰበስልጣን ዓ ቓቢ ሰላም ሕቡራት ሃገራት ካብ ዝሃብዎ መግለጺ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ቍሩብ መዓልታት፡ መኻይን ዓ ቀብቲ ሰላም ድሕሪ ሰዓት 6፡00 ናይ ምሸት ኣብቲ ካብ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ናጻ ዝኾነ ክልል ከይንቀሳቐሳ ከልኪሉ ምህላዉ ተፈሊጡ ኣሎ። መለስ ዜናዊ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፡ ብቀዳም ዕ ለት 15.10.2005 ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ካብ ዝሓለፈ ታሕሳስ ኣትሒዙ ተወሳኺ ሰራዊት ናብ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከዋፍር ከምዝጀምረን፤ እዚ ድማ፡ ስርዓት ኤርትራ፡ ግጉይ ውሳኔ ከይወስድ ንምክልኻል ምዃኑን ከምዝበለ፡ ሮይተርስ እተባህለ ኣህጉራዊ ናይ ዜና ማዕከን ኣቃሊሑ። ለጐላ ጆዘፍ ለጐላ፡ ሓላፊ ተልእኮ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ቅድሚ ክልተ ሳምንታት ኣቢሉ፡ እቲ ናይ ዶብ ወጥሪ ናብ ውግእ ከየምርሕ ስግኣት ከምዘለዎ ድሕሪ ምግላጽ፤ ሕቡራት ሃገራትን ሓድነት ኣፍሪቃን ነቲ ወጥሪ ንምፍታሕ ህጹጽ ስጉምቲ ኘኽወስዱ ኣተሓሳሲቡ ነይሩ።

ናይ ኣመሪካ ኣምባሳደር ኣብ ሕቡራት ሃገራት፡ ሚስተር ጆን ቦልቶን ድማ፡ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ወጥሪ ኣመልኪቱ፡ እዚ ናይ ሰላም ምዕቃብ ዕማም ንዘልኣለም ክቕጽል ኣይክእልን ኢዩ። ክልቲኣን ሃገራት ንብይን ኮሚሽን ዶባት ክቕበላን ኣብ ግብሪ ከውዕላን ኣለወን ኢሉ። ሓለፍቲ ናይ ዓቐብቲ ሰላም ሕቡራት ሃገራት፡ ናይ ሀሊኮፕተር በራራ ምኽልካል ንስርሖምን ምክትታሎምን ብፍርቂ ከምዝንክዮ ክገልጹ ይስምዑ ኣለዉ። ብሀሊኮፕተራት ዝካየድ ንጥፈታት ክገልጹ ከለዉ ድማ፡ መግብን መድሃኒትን ሕሙማትን ምምላስን፤ ወተሃደራዊ ምንቅስቓሳት ምክትታልን ኢዩ ይብሉ።

3. ሕቡራት ሃገራት፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዳግማይ ውግእ ከየባርዓ ኣጠንቂቑ

መንግስቲ ኤርትራ ካብ ረቡዕ ዕለት 04.10.2005 ጀሚሩ ናይ ሕቡራት ሃገራት ሀሊኮፕተራት ኣብ ሰማያት ኤርትራ ከይበራ ክምዝኸልከለ ብሰሉስ 03.10.2005 ዘውጽኦ መግለጺ ኣፍሊጡ። ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት በዚ ምኽንያትዚ ኣብ ዝጸውዖ ህጹጽ ኣኼባ፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዳግም ውግእ ካብ ምብራዕ ክቑጠባ ዘተሓሳስብ ተሪር መግለጺ ኣውጺኡ። ከምኡ ውን፡ ባይቶ ጸጥታ፡ ነቲ ብዓቐብቲ ሰላም ሕቡራት ሃገራት ዝግበር በራራት ዝእግድ ውሳኔ መንግስቲ ኤርትራ ክስሓብ ጸዊዑ። መንግስቲ ኤርትራ ወሲንዎ ዘሎ እገዳ፡ ነቲ ልኡኽ ሕቡራት ሃገራት ዕማማቱ ንምስልሳል ዘኽእሎ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኣመሓላልፍዎ ዝነበረ ውሳኔታት ዝጥሕስን፤ ንህይወት ናይ ዓ ቀብቲ ሰላም ንሓደጋ ዘቃልዕን ኢዩ ኢሉ። ለጐላ ጆዘፍ ለጐላ፡ እቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ናይ ዶብ ወጥሪ ናብ ውግእ ከምርሕ ከምዝኽእልን፤ ነዚ ሓደጋዚ ንምእላይ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራትን ሓድነት ኣፍሪቃን ህጹጽ መፍትሒ ክገብርሉ ቅድሚ ክልተ ሳምንቲ፡ ኣጠንቂቑ ምንባሩ ይዝከር። ሚስተር ዣን ማሪ ጉሀኖ፡ ተሓጋጋዚ ዋና ጽሓፊ ዓቃቢ ሰላም ሕቡራት ሃገራት፡ "ብሀሊክፕተራትና ጌርና ክንንቀሳቐስ እንተደኣ ዘይተፈቒዱልና፡ ኣብ ባይታ እንታይ ይካየድ ኣሎ ክንፈልጥ ኣይንኽእልን ኢና። እዚ ብተራኡ ጥርጠራታትን ዘይምርግጋእን ኢዩ ዝፈጥር" ክብል፡ ሓደገኛነት ናይቲ ተኸሲቱ ዘሎ ሽግር ዓቢ ምዃኑ ኣሚቱ። ሰበስልጣን ዓ ቓቢ ሰላም ሰራዊቱ ኣብ ዶብ ኤርትራ 40 ዝኸውን ንቑጣታት ናይ ሰራዊቱ ከምዝነበሮ፡ ሕጂ ግን ካብ 18 ንቑጣታት ሰራዊቱ ክምዝሰሓበ ይሕበር።